ንክይትኸፍሊ ወረቐት (ኤዘንጺዮነ) እንተዘይብልኪ፣ ነቲ ዝተፋላለየ መርመራ (ቪዚተ ስፐቻሊስቲከ/VISITE SPECIALISTICHE) በብናቱ ትኬት ትኸፍልሉ።

## ኣብ ሕክምና (ኦስፐዳለ/OSPEDALE) ክትድቅስ እንተኾንካ

ናይ ስድራ ሓኪም (መዲኮ ጀነራለ) ወይ ናይ ወጀሳ ህጻናት/ሓኪም ህጻናት (ፐዲያትራ)፣ ስፐቻሊስት ሓኪም፣ ሓኪም መደበር ጥዕና (ኣምቡላቶሪዮ) ናይ ስትፐ/STP)፣ ወይ፣ ኣብ ናይ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት ዝውሃቦ ሓኪም ን ክትድቅስ ይእዝዝ። ኣብ ሆስፒዳል ሓሚምካ ምስ ትድቅስካብ ክፍሊት ነጻ ኢዩ፣ ስለዚ፣ ንዝኾነ ኣገልግሎ ዝህብ፣ ገንዘብ ከይትህብ።

# ህጹጽ ሕክምና ምስ ዘድሊ እንታይ ምግባር

ቁጽሪ 112 ናይ ነጻ ኮይኑ፣ ንህዝቢ ኣገልግሎት ይህብ፣ ን 24 ስዓት ኣብ ሙሉእ ሃገር ክፉት ኮይኑ ቀጻሊ ኣገልግሎት ይህብ፣
ኣብ ሕማቕ ኩነታት ምስ ትርከብ ጥራሕ ኢኻ፣ ናይ ህጹጽ ረዲኤት ሕክምና ንምርካብ ኣብ ቁጽሪ 112 ናይ ህጹጽ ረዲኤት ንምርካብ ትራሕ ኢኻ ትድውል። በቲ ኩነታት ክብደት ሕማም ክኣ፣ ኣቡላስ ይሰዱ፣ ኣብ ዝቐረበን ኣብ ዝሓሸ ሕክምና የብጽሑዎ።

ናብ ቁጻሪ 112 ክትድውል ከለኻ ክትዝክሮ ዘለካ፣

- ብ ቛንቛ ጥልያን ረጊእካ፣ ነቲ ተለፎን ዝምልሰልካ ሰብ ብትሕትና መልስ፣ ክሳብ ዘድሊ ኣብ መስመር ተጸበ
- ናትካ ቑጽሪ ስልኪ ሃብ
- ዘሻነፈካ ግለጽ፣ ነቲ ኣብ ተለፎን ዝመለሰልካ፣ ትርከበሉ ቦታ ግለጽ፣ ብ ህጹጽ ረዲኤት ክሰዱልካ፣ ብልክዕ ኣድራሻኻ ሃቦም

## ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት (ፕሮንቶ ሶኮርሶ)

ሓደጋ ምስ ዘሻንፍ፣ ምስ ትጉዳእ፣ ወይ ናይ ሂወት ሓደጋ ምስ ዘጋጥም፣ ኣብ ዝቐረበ መደበር ሕክምና ክፍሊ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት ዝዋሃቦ ትኸይድ ኣብቲ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት ምስ በጻሕካ፣ በቲ ዝበጻሕካዮ ተራ ኣይኮንካን ትጽዋዕ፣ እንታይ ድኣ፣ በቲ ክብደት ናይቲ ጸገም ጥዕና ምስ መዘኑ፣ ኮድ ብ ሕብሪ ዝፋላለዩ (ጻዕዳ፣ ቐጠልያ፣ ቢጫ ወይ ቀይሕ) ይዕድሉ፣ በቲ ዝሃቡዎ ኮድ ክኣ ንኹሉ ኩነታቱ መዚኖም፣ ነቲ ኣብ ሂወቱ ኣብ ሓደጋ ዝርከብ፣ብቀዳምነት ብህጹጽ ረዲኤት ይህቡ

ኣብዚ መጺሀት ዝርኤ ስእልታት (ኢማጂኒ) ኣብ ናይ ፍቓድ (ሊቸንጻ) ናይ ሹተርስቶክ.ኮም (Shutterstock.com) ይርከብ. እዛ መጺሀት፣ ኣብ መደብ/ፕሮጀክት (ፕሮጀቶ) “717317/ካረ” (Progetto “717317/CARE”) ይርኸብ።
እዚ ፕሮጀክት ክኣ፣ ካብ ናይ ፕሮግራም ጥዕና ብ ናይ ሕብረት ኤውሮፓ ዝቐመ ኮይኑ (ፕሮግራማ ሳሉተ ዴል| ኡኒዮነ ኤውሮፐያ)፣ ካብ (2014 – 2020) በዛ ዝተጠቐሰት ማሕበር ኢዩ ዝኽፈል። ትሕዝቶ ናይዛ ሜጺሀት፣ ናይ ሓደ ሰብ (ኣውቶረ) ሪኢቶ ጥራሕ ኢዩ፣ ስለዚ ናቱ ሓላፍነት ጥራሕ ኢዩ፣ ትሕዝቶ ናይታ መጺሀት፣ ናይታ ምልእቲ ኮምሽን ናይ ሕቡራት ኤውሮፓ ኤ/ኦ ናይ ካፈኣ (CHAFEA) (ኮንሱመርስ፣ CONSUMERS) ትውክል ወይ ሓደ ሓሳብ ኣለዋ ማለት ኣይኮነን። ኮምሽን ናይ ማሕበር ኤውሮፓን (ኣጀንጽያን)፣ በቲ ኣብ መጺሀት ዝርከብ መልእኽቲ ዝኾነ ሓላፍነት ከምዘይብላ ትሕብር።

ናብ ክፍሊ ረዲኤት ትኸደሉ ምኽንያት፣ ናይ ሂወት ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ጥራሕ ኢዩ፣ ድሓን ዝኾኑ ሕማም ማለት ዘሻነፈ ናይ ጥዕና ጸገም ግን፣ ናብ ናይ ስድራ ሓኪም (መዲኮ ዲ ፋሚልያ)፣ ናይ ህጻናት ሓኪም (ፐድያትራ)፣ ወይ ናይ ሓፈሻዊ ህዝባዊ መደበር ሕክምና ዝካየዶ (ኣምቡላቶሪዮ) ስትፐ በቲ ናይ ስድራ ሓኪም (መዲኮ ዲ ፋሚልያ) ዝጸሓፈልካ ፍሉይ ወረቐት፣ ናብቲ ዝምልከቶ ሓኪም (ስፐቻሊስታ) ብ ቆጸራ
ክትሕከም ትኽእል።
ብዘይ ግባእ ኣብ ናይ ክፍሊ ረዲኤት (ፕሮንቶ ሶኮርሶ) ምስ ትኸይድ፣ ኮድ ጻዕዳ ይውሃበካ፣ ድሕሪ እቶም ኣብ ናይ ሂወት ሓደጋ ዝርከቡ ሰባት ኢኻ ትጽዋዕ፣ ትኬት ክኣ ትኸፍል።

## ኣበይ ኢየ መድሃኒት ክረክብ ዝኽእል?

እቲ መድሃኒት ብ ሓኪም ዝትኣዘዘ ኮይኑ፣ ኣብ ፋርማሲ ይርከብ።
ኣብ ፋርማሲ ናይ “ናይ ባንኮ” ኢሉ ዝጽዋዕ መድሃኒት ትረክብ፣ ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ብ ሙሉእ ዋጋ ከፊልካ ክትረክብ ትኽእል።
ኣብ ኩሉ ጎደና ክፉት ፋርማሲ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፣ ለይትን ብዓላት ይኹን ክፉት ኢዩ፣ እታ ናይ ኣኣብ ጎደንኡ ዝርከብ ፋርማሲ፣ ዝኽፈተሉ ስዓታትን ምዓልትን ብ ጽሑፍ ኣብቲ ፋርማሲ (ፋርማቺያ) ተጠቒዑ ይርከብ።
ገሊኡ መድሃኒት ከይከፈልካ ክትገዝእ ትኽእል፣ ገሊኡ መድሃኒት ብ ናይ ሓኪም ወረቐት ዝጻሓፈልካ፣ ትኬት ፍርቂ ዋጋ ይኽፈለሉ። ገሊኡ መድሃኒት ክኣ፣ ብዘይ ወረቐት/ትኬት ናይ ሓኪም ሙሉእ ውጋ ይኽፈሎ።

## ኣበይ ኢየ ብዝበለጸ ሓበሬታ ዝረክብ?

**ኣዝል**፣ ን ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ኣብ ናይ ጎደና ኣዝል ዝብሃል፣ ማለት ኣብ ናይ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ሕክምና ዝምልከት ሓበሬታን ብ ናይ መንግስቲ ንሕክምና ዝምልከት፣ ዝወጽእ ፍቓድ ወረቐት ዝወጻሉን ገሊኡ ሕክምና ዝካየደሉ ፍሉይ ቦታ ኮይኑ፣ ኣብ ሙሉእ ዞባ ይርከብ።
**112**፣ ብ ሓደጋ ህጹጽ ሕክምና ምስ ዘድሊየካ፣ 112 ትድውል፣ በቲ ዝሓበርካዮም ናትካ ጸገም፣ ኣበየናይ ሕክምና ወይ (ስፐቻሊስታ) ከምትኸይድ ይሕብረካ።
**1522**፣ ቁጽሪ 1522 ናይ ሙሉእ ሃገር ቁጽሪ ክይኑ፣ ናይ ዝተፋላለያ ሃገራት ኣስተርጎምቲ ዝርከቡዎ ኮይኑ፣ ዝተፋላለየ ቛንቛ ዝዛረቡ ሰባት ኣለዉ፣ ን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሂወተን ዘጋጠነመን ዝተፈላለዩ ከበቲ ጸገማት/ዓመጽ (ቪዮለንጻ) ምስ ዘሻንፈን ንምትሕብባር ዝቐመ ኢዩ።

# ንስደተኛታት መምርሒ ብከመይ ኣብ ዓዲ ጥልያን ሕክምና ትረክብ



## ኣብ ዓዲ ጥልያን ብዛዕባ ጥዕናይ ሕክምና ክረክብ እንታይ መሰል ኣለንኒ?

ኣብ ዓዲ ጥልያን ናይ ኣህጉራዊ ሕክምና ሕጊ፣ ሕክምና፣ መሰል ናይ ኩሉን ቀዳምነት ዝስራዕ ኢዩ። መንበሪ ፍቓድ (ፐርመሦ ዲ ሶጆርኖ) ምስ ዝህልወካ፣ ማዕረ ናይቲ ወዲ ሃገር ክትሕከም መሰል ኣለካ።
መቐመጢ ፍቓድ (ፐርመሶ ዲ ሶጆርኖ) እንተዘይብልካ፣ ሕክምና ክትገብር ትኽእል ኢኻ፣ እቶም ኣብ ሕክምና ኣገልግሎት ክህቡ ዝተመደቡ ሰባት፣ ንፖሊስ ከይሕብሩ ይግደዱ።

## ብኸመይ ኣብ መደበር ሕክምና ኣገልግሎት ክረክብ ይኽእል?

መንበሪ ፍቓድ (ፐርመሶ ዲ ሶጆርኖ)፣ ብምኽንያት (ናይ ሃገራት ሓሊዮት ዑቕባ ዝሓተቱ፣ ዑቕባ ዝተዋህቡ፣ ብምኽንያት ስራሕ ምስኣን ክስደዱ ዝተገደዱ፣ ብድንጋጌ፣ ብስራሕ ወይ ምስ ስድራ ንምትእኽኻብ) ዝተዋህቡ፣ ወይ መንበሪ ፍቓድ ንክትውሃብ ዘቕረብካዮ፣ ረሲድ እንተለካ፣ ኣብቲ ትነብረሉ ምምሕዳር መደበር ሕክምና ኣዝል ዝጽዋዕ ከድካ፣ ናይ ኣህጉራዊ ሕክምና ፍቓድ (ሰርቪጺዮ ሳኒታሪዮ) ንምርካብ፣ ኣብኡ ክትጸሓፍ ኣለካ። ትሕቲ ዕድመ እንተኾንካ፣ ወይ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት እንተለውኺ፣ መቐመጢ ፍቓድ እንተዘይበልካ፣ ኣብቲ ኣዝል ዝብሃል መደበር ሕክምና ከድካ ክትሕብሮም ትኽእል ኢኻ።

- ኣብቲ ትነብረሉ ምምሕዳር ዝርከብ መደበር ሕክምና ኣዝል ዝብሃል መንበሪ ፍቓድ ወይ ረሲድ ናይቲ መንበሪ ፍቓድ ንክትወስድ ዝሃቡኻ ወረቐትን (ላ ሪቸቩታ) ኮዲቸፊስካለ ሒዝካ ክትከይድ ኣለካ
- ኣብቲ ኣዝል ዝደለኻዮ ሓኪም ወይ ሓኪም ህጻናት ኣብኡ ሊስታ ተጠቂዑ ዝርከብ ነጻ ዝኾነ ክትመርጺ ትኽእሊ፣ ኣብ ዝደለኽዮ ክትቅይሪዮ ኽኣ ትኽእሊ ኢኺ
- ድሕሪ ምምዝጋብኪ፣ ኣገዳሲ ዶኩመንቲ ክትዋሃቢ ኢኺ (ሊብረቶ ሳኒታሪዮ) ኣብኡ ዝመረጽኪዮ ሽም ናይ ሓኪምክን ዝተመዝገብኩሉን ዝወድቀሉን ዕለት ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ሕክምና ትኸድሉ፣ ምሳኺ ሒዝኪዮ ክትከዲ ኣለኪ
- ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ፣ ኣብቲ ትቕመጥሉ ኣድራሻ ሓንቲ ካርድ (ተሠራ ሳኒታሪያ) ብፕላቲክ ዝተዓሸገት ክትመጸኪ ኢያ፣ ቀጻሊ ምሳኺ ሒዝክያ ክትጸንሒ ኣለኪ

ኣብ ናይ ኣህጉራዊ ሕክምና ምምዝጋብኪ፣ ብዝጎደለ ክፍሊት ("ቲኬት" ዝብሃል)፣ ዘድልየኪ ሕክምና ክትገብሪ ትኽእሊ።

ኣብ ገሊኡ ኩነታት፣ ብነጻ ክትሕከሚ ትኽእልሉ፣ ፍሉይ ቡርቱዕ ሕማም ምስ ዝኸውን፣ ወይ ኣታዊ ገንዘብ ዘይምህላውኪ፣ ኣብ ኣዝል፣ ወይ ንሓኪምኪ ብዛዕባ ብኸመይ ከይከፈልኪ ንክትሕከሚ ናይ ናጻ ወረቐት (ኤዘንጺዮነ) ንምርካብ ሓበሬታ ክትሓቲ ትኽእሊ።

*መቐመጢ ፍቃድን (ፐርመሶ ዲ ሶጆርኖ)፣ ኣታዊ ገንዘብ ዘይብልኪ እንተኾንኪ፣ ሳላ ኮድ ናይ ስትፐ (ንጊዚያዊ ዝርከብ ስደተኛ) ብ ኣዝል ወይ ብ መደበር ሕክምና (ኦስፐዳሊ) ዝተወሰነ/ዝጸደቐ፣ ናይ ኣህጉራዊ ሕክምና (ሰርቪጽዮ ሳኒታሪዮ) ብ ነጻ ክትሕከሚ ትኽእሊ።*

**ማንም ኣብ ፖሊስ ከመልክት ኣይክእልን ኢዩ፣ ክትሕከሚ ምስ ትሓቲ።**

## ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣየኖት መደበር ሕክና እየን ቀጻሊ ኣገልግሎተን ዝህባ?

### ክንክን ሕክምና ቀዳማይ ዝስራዕ (ኣሲስተንጻ መዲካ ዲ ፕሪሞ ሊቨሎ)

ኣብ ኣህጉራዊ ክንክን ሕክምና ምስ ትምዝገቢ፣ ሓኪም/ናይ ህጻናት ሓኪም ትመርጺ። እዚ ኸኣ፣ ናብ ኩሉ መደበር ሕክምና ኣህጉራዊ ኣገልግሎት/ሰርቪስ ብ ናጻ ንክትረኽቢ፣ መእተዊ ይጠቕመኪ

- ብሓካይም መርመራ ምግባር
- ንመድሃኒት ንክትረኽብን፣ ፍሉይ ሕክምናን መርመራን ንክትገብርን፣ ሓኪም ዝጸሓፈልኪ ወረቐት (ፕረስክሪጺዮኒ መዲካ)፣ ክህልወኪ ኣለዎ
- ናብ ሕክምና (ኦስፐዳለ) ንክትድቅስ ዝእዝዘልካ ሓኪም ንምርካብ
- ፍቓድ ካብ ትምህርቲ ወይ ካብ ስራሕ ምስ ተቡክር፣ ሓኪም ዝጸሓፈልካ ወረቐት ንምርካብ

ሓፈሻዊ ሓኪም ናይ ስድራ ወይ ናይ ህጻናት ሓኪም (ፐዲያትራ) ኣብ ዝደለኻዮ፣ ኣብ ትነብረልሉ ምምሕዳር ዝርከብ ኣዝል ዝብሃል መደበር ሕክምና ኬድካ ክትመርጽን ኣብ ዝደለኻዮ ሓኪም ክትቅይር ትኽእል ኢኻ።
እንድሕር ሓኪምካ (ለይቲ ወይ ብዓል) ኮይኑ ክትረኽቦ እንተዘይክኣልካ፣ ንዑዑ ዝትክእ ቁጽሪ ተለፎን ስለዘልሎ፣ ናብኡ ደዊልካ (ቀጻሊ ዘድልየካ ሓገዝ/ኣሲስተንጻ) ክትረክብ ትኽእል፣ ቁጽሪ ስልኪ፣ ኣብቲ ትነብረሉ ምምሕዳር መደበር ሕክምና ኣዝል ሕተት።
እንድሕር ናይ መንበሪ ፍቓድ (ፐርምርሶ ዲ ሶጆርኖ) ዘይብልካ፣ ኣብ ፍሉያት መደበር ሕክምና (ኣምቡላቶርዮ) ቀዳምነት ረዲኤት ዝህባ ከድካ ሕክምና ክትገብር ትኽእል፣ ኣብቲ ትነብረሉ ምምሕዳር መደበር ሕክምና ኣዝል ዝብሃል ክትሓትት ትኽእል።

### ጥዕና ናይ ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን

ንስድራ ዝተሓባበራ (ኮንሱልቶርዮ ፋሚልያረ) ፍሉይ መደበር ሕክምና ኮይኑ፣ ኣብኡ ሓገዝ ናይ ኣእምሮ ሽግር ሓካይም (ፕሲኮሎጎ ን ኣሲስተንተ ሶቻለ) ን ደቂ ኣንስትዮ፣ ቆልዑ፣ መንእሰያት፣ ክልተ መጻምዲን (ኮፒየ) ዘድልዮም ሕክምናን ሓገዝን የወፍያ። ብፍላይ፣ ናይ ማህጸን (ጂነኮሎጂያ) መርመራን፣ ካንሰር ንከይመጻካ ሓበሬታ ንምሃብ፣ ናይ ምውላድን ስጋዊ ርክብን (ኣሲስተንጻ) ሓገዝን ሓበሬታን ሕክምናን ይህባ፣ ኣብ ጊዜ ጥንስን፣ ምስ ወለደትን ኣብ ተጥቡበሉ ጊዜን ሓገዝን ሓበሬታ የወፍያ፣ ጥንሲ ብድልየታ ንክትሰዶ ምስትውስን (ኢቨግ/IVG)፣ ብሕቡእ ንክትወልድ ምስ ትደሊ፣ ዘድልያ ሓብሬታን ሓገዝን ንምሃብ (ነቲ ህጻን ክትሕዝዮ እንድሕር ድሊየትኪ ዘይኮነ)፣ ክታበትን ሓገዝ ናይ ሽግር ኣእምሮ (ሳይኮልጂ/ፕሲኮፕሎጎ) ሓገዝ ይገብራልኪ።
ናብኡ ክተከይድ ምስ ትደሊ፣ ናጻ ኢዩ፣ ናይ ሓኪም ወረቐት ኣየድልን ኢዩ። እቲ ሓገዝ/ሰርቪስ ዝህቡ፣ ዳርጋ ኩሉ ብ ናጻ ኢዩ፣ ብጀካ ገሊኡ ፉሉይ ሕክምና (ናይ ስፐቻሊስት) እንተኾይኑ፣ ትኬት ትኸፍል።

### ክታበት

ጥዕና ናይ ህጻንኪ ኣገዳሲ ኢዩ፣ በዚ ምኽንያት፣ ክታበት ሓደ ካብቶም ብዙሓት ዝላብዑ ከቢድ ሳዕቤን ከየምጽኤ ኣቐዲምካ ትካላኸሎም ሕክምና ኢዩ። ኣብ ዓዲ ጥልያን፣ ገሊኡ ክታበት ብ ሕጊ ከተኽትቦም ግድን ኢዩ፣ ንሳቶም ክኣ (ኣንቲባተሪካ፣ ኣንቲተታኒካ፣ ኣንቲፖሊዮ፣ ኣንቲየፓቲተ ቢ) ኢዮም፣ ካልኦት ክታበት ኣገደስቲ ኮይኖም ይርከቡ። ዘድለየኪ ሓበሬታን ናበይ ከምትኸድን ንምፍላጥ፣ ምስ ናይ ስድራ ሓኪም ወይ ናይ ህጻናት ሓኪም (ፐዲያትራ) ተዛረቢ። ክታበት ዝግበረሉ ኣብ ናይ ምምሕዳር ትነብርሉ ኮይኑ፣ ኣብ መደበር ሕክምና ናይ ስድራ ጸገም ምስ ዝህሉዎ ዝትሓባበሩ (ኮንሱልቶርዮ ፋሚልያረ) ኮይኑ፣ ወይ ኣብ ኣዝል ዝብሃል መደበር ሕክምና ትኸዲ፣ ዋላ ናይ መቐመጢ ፍቓድ ኣይሃልውኪ፣ ደቅኺ ንክሕከሙ/ንክኽተቡ መሰል ኣለዎም።

**ውላድኪ ኣብ ሃገርኪ ክታበት ጀሚሩዎ እንተኾይኑ፣ ኣብ ዓዲ ጥልያን በቲ ተሪፉዎ ዘሎ ክቕጽል ይኽእል ኢዩ፣ ግን፣ ሰርቲፊከት ናይ ክታበት ክህልው ኣለዎ፣ ደደይኮይኑ፣ ምስ ሓኪምኪ ተዛራረቢ።**

### ፉሉይ ዝኾኑ መርመራ (ቪዚተ ስፐቻሊስተ)፣ ኣብ መደበር ሕክምና ( ላቦራቶሪዮ) ን ብናይ ተክኒክ ዝካየዱ መርመራ

ነዞም ፍሉያት መርመራ ንምግባር፣ ናይ ስድራ ሓኪምኪ (መዲኮ ዲ ፋሚልያ ጀነራለ) ወይ ናይ ህጻንኪ ሓኪም (ፕዲያትራ)፣ ወይ (ኣብቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ዝርከብ መደበር ሕክምና ስትፕ/STP) ወረቐት ጽሒፉ ምስ ሃበኪ ቆጸራ ትሕዚ፣ ናይ ሕክምና ካርድ (ተሰራ ሳኒታርያ /TESSERA SANITARIA)፣ ወይ ስደተኛታት ቅድሚ መንበሪ ፍቓድ ምሓዞም ዝዋሃቡ፣ ናይ ስትፕ ሒዝኪ፣ ኣብ መደበር ሕክምና (ኦስፐዳለ/OSPEDALE)፣ ወይ ኣብቲ ኣቐዲምኪ መርመራ ሕክምና ዝገበርክሉ ትኸዲ።